“ደገፍቲ ህገደፍ ዝዕዘብሉ፡ ተቓወምቲ ህግደፍ ዝስዕስዕሉ እዋን ማጺኡ”

ብ21 ጥሪ ኣብ ሕምብርቲ ከተማ ኣስመራ፡ ኣብ ፎርቶ ኣብ ዝርከብ ሚኒስተሪ ዜና ብትብዓት ኣትዮም መረረ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ተለቪዥን ብቐጥታ ብኣስመላሽ ኣብርሃ ከምዘንበብ ዝገበሩ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ኣብ ወሽጥን ወጻእን ንዘሎ ሓቀኛ ኤርትራዊ ሓያል ፍናን ሓበንን ተስፋን ሂቦም እዮም። እዞም ሰባት እዚኣም ደኣ ብኸመይ ኢና ከንክሕሶም ዝብል ሕቶ ድማ ኣብ ሕልና ዘለዎ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ዓብን መወዳእታ ዘይብሉ ደወል የስምዕ ኣሎ። ነዚ ንምድጋፍ ኣብ ኢንግላድ፤ ኢጣልያ፤ ጀርመን፤ ኣመሪካ፤ ግብጽን ካልኦት ሃገራትን ዝርከቡ ኤርትራውያን ኣብ ኤምባስታት ኤርትራ ሓያል ተቓወሞታት ኣስሚዖም እዮም።

ንሕና ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ እንርከብ ኤርትራውያን ድማ ምስቶም ሓርበኛታት ፎርቶ ከምኡውን ምስ ብምልኡ ኣብ ወሽጥን ወጻእን ዝርከብ ደላይ ሰላምን፤ ደላይ ዲሞክራስን፡ ሓድነትና ንምርኣይ ብዕለት 18/02/2013 ናብ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ደቡብ ኣፍርቃ ብምኻድ ንደገፍቲ ገፋዕን ጨፍላቕን ስርዓት ህግደፍ ደም ዘንብዕ፡ ንወጹዕ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ጸባ ዘስተየን ሰላማዊ ሰልፊ ብዓወት ኣካይድና።

እዚ ብኤርትራዊ ምንቅስቃስ ንዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን (ኤምዲሰመ) ዝተወደበ ሰላማዊ ሰልፊ፡ “ቅዋም ይተግበር” “ናይ ሕልና እሱራት ይፈትሑ” “ስልጣን ናብ ህዝቢ ይመለስ” “We support Forto 2013” “Down Down with dictator” ዝብሉ ጭዕሑታት ሒዙ እዩ ካብ ሳኒ-ሳይድ ዝተባህለ ቦታ ናብቲ ኤምባሲ ኤርትራ ዝርከበሉ ቦታ ዝመረሸ።

ኤምባሲ ኤርትራ ንሕና ኣብታ መንልቲ ናብቲ ቤት ጽሕፈት ኬድና ጥርዓንና ከምእነቕርብ ቅድሚ ሰማን ብፋክስን ብኢመይልን እኳ እንተተሓበረ መልሲ ክህበና ግን አይደለየን። ብኣንጻሩ ድማ ንገለ ካብቶም ኤርትራውነት ብገንዘብን ምስ ኤምባሲ ብምድጋጽን ክረኽብዎ ዝደልዩ ሰባት፡ ከምኡውን ንገለ ካብቶም ንስለ ምሕዳስ ፓስፖርትን ካልእ ንኣሽቱ ጥቕምታትን ምስቲ ኤምባሲ ዝመሻጠሩ ሰባት ገለ ገለ ትርጉምን ሓቅነትን ዘይብሉም ጭዕሑታት ሒዙም ኣብቲ ቀጽሪ ኤምባሲ ክጸንሑና ጌሩ እዩ። እቲ ሰላማዊ ሰልፊ ሕጊ ዝተኸተለ፤ ተሳተፍቲ ብፖሊስ ደቡብ ኣፍሪቃ ማዕሪጎም ናብቲ ኤምባሲ ዝኸድሉ እኳ እነተነበረ፤ ኤምባሲ ኤርትራ ግን ዲሞክራሲ ስለ ዘይለመዶ ኣብ ክንዲ ነቲ ጥርዓን ዝቕበሉ ሰባት ዘዳሉ፤ ንዓና ዝጸርፉ ስቃይ ህዝቦም ዘይስሞዖም ጎሓሳሉ እዩ ኣዳሊዩ ጸኒሑና። እቶም ኣብቲ ቀጽሪ ኤምባሲ ዝነበሩ ኤርትራውያን ኢና በሃልቲ ኣብ ኢዶም ዝሓዝዎ ጭዕሑታት ኣዝዩ ብዙሕ እኳ እንተነበረ መልእኽቲ ግን ሓደ እዩ። “ንስኽም ወያነ ኢኽም፤ ብወያነ ዝተመወልኩም ኢኽም፤ ዕሱባት ናይ ወያነ ኢኽም” ዝብል መልእኽቲ ዝሓዘ ድማ እዩ ነይሩ። እዚ ድማ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ሓድሽ ኣይኮነን። ነቲ ስርዓት ዝተቓወመ ኩሉ “ወያነ” ዝብል ሳጓ ምጥቓዕ ብመንግስቲ ደረጃ ዝስረሓሉ ዘሎ ህዝቢ ናይ ምትላል መስርሕ እዩ። ስእሊ ኣእቶም ካብ ማ ሰርቲ ሃዲሙመመ ኣብ ሞስርቲ ክነብሩ ዝመረፁ።

ኣብቲ ንኣምባሳደር ሳልሕ ዐሰማን ዝሰደድናሉ መልእኽቲ እዘን ዝስዕባ ነጥብታት ኣስሚርናለን፡

1. ኣቶ ኢሰያስ ኣፍወርቂ ነቲ ምልዕዓል ኣሚሉ ክነሱ፡ኣምባሳደር ዐሰማን ሳልሕ "ምልዕዓል ኣይነበረን" ምባሉ ንኽንን።
2. መንግስቲ ነቲ ናይ ፎርቶ ፍጻመ ከም እስላሚ ጥርፉነት ጌሩ ክቕርቦ ይፍትን እኳ እነተሎ፡ ተሳተፍቲ ናይቲ ሰላሚ ሰልፊ ግን እስላምና ክርስትያንና፤ ደቂ ከበሳና ደቂ መታሕትና፤ ነቲ ፍጻመ ፎርቶን ነቲ እቶም ጀጋኑ ኣሕዋትና ዝጠለብዎ ሕቶታትን ብሓባርን ብምኡ ልብናን ክምእንድግፎ።
3. ኣብዚ ኤርትራውያን ናይ መወጽኢ ቪዛ (exit visa) ብቐሊሉ ክረኽቡ ብዘይ ምኽኣሎም፡ ንህይወቶም ኣስጋኢ ብዝኾነ መንገዲ ናብ ስደት ዘምርሕሉን፡ ኣሽሓት ካብኣቶም ኣብ ንኡስ ዕድሜኡም እናተቐትሉን፡ ኣካላቶም ልክዕ ከም ኣካላት ጠል በጊዕ እናተሸጠን ዘለወሉ እዋን ነቲ ስርዓት ምድጋፍ ኣዝዩ ዘተሓታትት ታሪኻዊ ፍጻመ ምኸኑ።
4. ኣብ ሜጨኤስታ ድማ እቲ ኣምባሳደር ካብዛ ትጥሕል ዘላ መርከብ ህግደፍ ሂወቱ ብምድሓን ምስ ወጹዕ ህዝቡ ደው ብምባል ኣንጻር ምልካወነት ክቃለስ ጻዊዒት ቀሪብሉ።

ንሓያሎ ዓመታት ደገፍቲ ስርዓት ህግደፍ እታ ንዕኦም ጥራይ እትምልከቶም እትመስሎም ባንዴራ ኤርትራ ሑዛም ገለ ድማ ብባንዴራ ኤርትራ ከዳን ኣስፍዮም ክስዕሱው ከለው፡ ተቓወምቲ ናይቲ ስርዓት ግን ጸግዕና ሕዝና ክንዕዘብ ጸኒሕና ኢና። ኣብዚ ቀረባ ዓመታት ግን ተስፋ "ዳግሚይ ሓርነት" እናቐረበ ብምምጽኡ እቶም ተቓወምቲ ንስዕሳዓሉ እቶም ደገፍቲ ዝዕዘብሉ ግዜ ይመጽእ ኣሎ። መርኣይ ናይዚ ድማ እቶም ተሳተፍቲ ናይቲ ሰላሚ ሰልፊ ሜጀሓታትና ብዓወታ ድሕሪ ምንባብ፡ ስእሊ ዲክታቶር ኢሰያስ ኣቃጺልና፡ ነቲ ከም ሆየ ሆየ ቃል ቃል ዝብል ዝነበረ ስእሊ ኣብ መሬት ብምቅማጥ ኩለና ተሳተፍቲ ሰላሚ ሰለፊ ኣብ ዙርያ እቲ ስእሊ ሳዕሲያሙ፡ እቲ እንደረፍ ዝነበርና ደርፊታት፡

" ኣቲ ኤረይ ኩሕሎ፤

ኤርትራዶ ብደምሒት ትሕሎ፤

ሎም ዘበን ሓዲኡ ኣሎ "

ዝብል እዩ ነይሩ። ንሕና ክንስዕስዕ፡ እቶም ደገፍቲ ህግደፍ ኣብቲ ቀጽሪ ኤምባሲ ኮይኖም ክዕዘቡ ዝርኣየ ሓደ ሓወና "ተመስገንካ ጎይታይ፡ ሎምስ ደገፍቲ ህግደፍ ዝዕዘብሉ ተቓወምቲ ህግደፍ ዝስዕስዕሉ እዋን መጺኡ ክብል" ተሰማው እዩ።

ኣብ መወዳእታ ንሕና እናሳዕሳዕና፡ እቶም ዕሱባት ስርዓት ህግደፍ እናተጻረፉ ብዓወትን ብንያትን ነናብ ዝተበገስናለን ከተማታት ተበጊስና።

እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ፡ ኣብታ መዓልቲ (ዕለት 18 ለካቲት 2013) ኣብ ኬፕታወን፣ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝርከቡ የሕዋትናን ኣሓትናን እወን ናብ ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ ፓርላማ ብምኻድ፡ ህዝቢ ኤርትራ ማዕረ ክንደይ ዘስካሕክሕ ናብራ የሕልፍ ከምዝሎን፡ በዚ ድማ እቲ ስርዓት ቅዋሚ ኣሰራርሓ ክሳብ ዝኽተል መንግስቲ ደቡብ ኣፍርቃ ምስቲ ስርዓት ዝገብሮ ዘሎ ምትሕግጋዝ ደው ክብል ዝጠልብ ወረቐት ናብ ፓርላማ ደቡብ ኣፍሪቃ አቅሪቦሙ።

ዓወት ንወጹዕ ህዝቢ ኤርትራ!
ወድቀት ንምልካወነትን ምልካወያንን!
ተስፋጋብር በርሀ ተስፋ (ጆርጅ)
ኣባል ኤርትራዊ ምንቅስቃስ ንዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን (ኤምዲሰመ)
ደቡብ ኣፍሪቃ